# ወይልኻ ኩዳዕ ! ማዳ ሃገር !

ድሕሪ መሪር ቃልሲ : ዝሓለፈ ጸበባ
ሸሻይ ክቖዳሕ : ክሕለብ ምዓረ-ጸባ
ታንክታት ተወጊነን : ትራክተራት ክሕምበባ
ዓዲ ሕውነት ክኸውን :ዓዲ ሰላም መርሓባ
ኤርትራና ማዕቢላ : መጻኢ ወለዶ ክርከባ :
ብናይ ማሕጎዳ ሓሶት ዝተጻገኑ
ግሐ ፍጥረት : ኣብ በዓቲ ዝተሸጎጡ
ቅሉዓት ዝባኖም : ብሪሞት ዝንቀሳቐሱ
ጥዒና ዝሓረሞም :ብሳንቡእ ወያነ ዘስተንፍሱ
ምብርባር ዝሓረሞም : ሓንሳብ ምስደቀሱ :
ቀደም ዝቐበርናዮም : ክብሪና ዝዓመጹ
ናይ ማርያም ግቢ ሰምበል : ጨካናት ማዓጹ
ኮስቲሮም ወላዊሎም : ኣጎዛ ከንጽፉ
ንእከይ ውዲት : ከም ሬሳ ዝተጻፉጻፉ :
ክብረትካ ሸጥካ : ንሃገርካ ምኽዳዕ
እንታይ ኣምጽኦ እዚ ኩሉ ሎቕመጽመጽ
ጥሜት ነይቀትል :ደይ ሸብዳዕዳዕ
ኣብ ክንዲ ንሸሻይ ሃገር ምልማዕ
ዝባንካ ቀሊዕካ ንኣባይ ምልምማጽ :
ዓቢ ማዕጾ እነተ ዓጸና : ክትራ ዝኸፍቱ
ክትራ እንቶዓጸና :ሰርወ ዝብትኑ
ዓንዲ ማእከል ምሕዮም :መስከቦም ዘዕንዉ
ቁሩብ ዝቕራቦ ንደገ ዝተበተኑ :
ክር እብለካ : ዓስ እብለካ
እንተ ኣቢኻ ግን : ኣብኣ. ትደኻ
ትዕግስቲ ኣባጎቢየ : ዝደቀሰ ከይመስለካ
ብሪመይ ! ፈጺሙ የሎን ጸወታ ::
ዓወት ንሓፋሽ !
ብርዒ ሓቂ